# ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ)

# UNION OF TIGREANS IN NORTH AMERICA (UTNA)

P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
utnaoffice@gmail.com

Tel. (202) 862-4367
Fax. (202) 265-8703
www.utna.org


---

ዕለት፡- 24 ሜይ 2017

ቤት ጽሕፈት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
1150 Connecticut Ave. N.W
Suit 900
Washington, D.C., 20036

## ብምኽንያት ዓወት ዶ/ር ቴድሮስ ኣድሓኖም ዝተወሃበ መግለጺ ሓጎስ ካብ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ

ብዕለት 23 ሜይ 2017 ኣብ ጀኔቫ፣ ስዊዘርላንድ ኣብ ዝተሳለጠ መረጻ ዳይሬክተር ጀኔራል ትካል ጥዕና ዓለም WHO፣ ኣብ ታሪኽ ንፈለማ እዋን ነቲ ትካል ዝመርሕ ኣፍሪካዊ ብምዃን ዶ/ር ቴድሮስ ኣድሓኖም ብገፊሕ ኣፈላላይ ተዓዊቲ ኮይኑ ኣሎ። ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ በዚ ዓብዩ ዓወት ዝተሰምዖ ሓጎስ ብሽም ኣመራርሓን ኣባላትን ክገልጽ ይፈቱ።

እዚ ኣብነታዊ ዝኾነ ዓለም ለኻዊ ኣፍልጦ፣ ዓወትን ክብርን ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞን ውጻእ ውረድን፣ ብቐንዱ ድማ ውሕሉል ኣመራርሓ፣ ውልቃዊ ሞያዊ ብቕዓትን ተኽእሎን ዶ/ር ቴድሮስ ኣድሓኖም፤ ብተወሳኺ ብንቑሕ ተሳትፎ ሓፋሽ፣ መላእ ህዝቢታት ኢትዮጵያን ኣፍሪቃን ዝተረኸበ ዓወት ምዃኑ ማሕበርና ይኣምን። እዚ ዓወት ንወለዶታት እናተዘከረ ዝነብርን ንቕድሚት ንዝመጹ ኣፍሪካዊያን ኢትዮጵያዊያን መራሕቲን ሰብ ሞያን ኣብነታውን ፈላምን ኮይኑ ኣብ ማህደር ታሪኽ ብደሚቕ ተመዝጊቡ ዝነብር እዩ።

ዶ/ር ቴድሮስ ኣድሓኖም ናብዚ ብርኪ ንኽበጽሕ ውልቃዊ ህይወቱ፣ ኣካዳሚያዊ ብቕዓቱ፣ ከምኡ 'ውን ሞያዊን ፖለቲካዊን ናይ መሪሕነት ልምዱን ተኽእሎኡን ዓብዩ ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረሉ ቅድሚ 'ቲ መረጻ ኣብ ዘስመዖ መደረኡ ገሊጹ እዩ። በዚ ድማ ዶ/ር ቴድሮስ ናብዚ ዝለዓለ ብርኪ ዓለም ለኻዊ መሪሕነት ንምብቃዕ ዝተጓዓዞ ጉዕዞ፣ ንኻልኦት ከም ኣብነትን መምህርን ናብ ዓወት ዘብጽሕ መንገዲ ተገይሩ ክውሰድ በቒዑ ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ ማሕበርና ንመላእ ህዝብና እንኳዕ ሓጎሰና እናበለ፤ ንዶ/ር ቴድሮስ ኣድሓኖም ኣብቲ ተረኪብዎ ዘሎ ናይ ስራሕን ሓላፍነትን ቦታ ሰናይ ናይ ስራሕ እዋን ንክኾነሉ ይምነ።

ማእኸላይ ቤት ጽሕፈት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
ዋሽንግተን ዲሲ

Union of Tigreans in North America (UTNA)